ኢሳያስ "ሓሚሙ"፡ "ሞይቱ"



ኢሳያስ "ሞይቱ"፡ "ሞይቱ"

ሓለምቲ ምዕራባውያን ንክዕወቱ

አእዛን "ዘይመንግስታውያን" ንክድሰቱ

ኢሳያስ "ሞይቱ"፡ "ሞይቱ"

ወየንቲ ዓባይ ትግራይ ንክዘምቱ

ዶብና ንከይሕንጸጽ ንክተርፍ ከንቱ

ኢሳያስ "ሞይቱ"፡ "ሞይቱ"

ወርቅና ዘይትና መሬት ክግብቱ

ወፍርና ንክመክን ምዕባለ ክኀቱ

ኢሳያስ "ሞይቱ"፡ "ሞይቱ"

ነብስና ከይንኽእል ደልሃመት ክኣቱ

ሃገር ንክትምቀል ብሔራት ከጽንቱ

ኢሳያስ "ሞይቱ"፡ "ሞይቱ"

"መለኽቲ" ናይ ሰውራ ታሪኽ ክድርቱ

ግብረ ሸበራ ንክሰፍን ንከመንቱ

ኢሳያስ "ሞይቱ"፡ "ሞይቱ"

ጥልቁያት ወገናውያን ንክማኀቱ

"ኮፍ ንግፍ" ተበለጽቲ ከቋምቱ

ንሱስ ኣሎ ብህይወቱ

"የስተንፍስ ብጉልበቱ"

ንሱስ ኣይሞተን ኣይትደሰቱ

ከምቶም ዝሓለፉ ሓሳዳት ጸላእቱ

እናፈከሩ ዝኽዱ ዝጸነቱ

ተራ ተጸበዩ ግዜኹም መዓልቱ

ኢሳያስ "ሓሚሙ"፡ "ሓሚሙ"

ኢሳያስ "ሓሚሙ" "ሓሚሙ"

ነዳይ ትምኒቱ ሓሊሙ

ከደምቲ ጊልያታት ንክሰብርዎ ቅስሙ

ኢሳያስ "ሓሚሙ"፡ "ሓሚሙ"

መኸተ ሃገራዊነት ንከኀድሙ

ህዝባዊ ግንባርና ከጸልሙ

ኢሳያስ "ሓሚሙ"፡ "ሓሚሙ"

ወራር ናይ ወያነ ንክዕድሙ

ሊብያ፡ ሶርያ፡ ንኽንከውን፡ ክልክሙ

ኢሳያስ "ሓሚሙ"፡ "ሓሚሙ"

ናጻ መስመርና ንከህምሙ

ስውኣት ጠሊሞም ሰብና ንከህድሙ

እሱስ ኣሎ ነይሓመመ

እሱስ ኣሎ ነይደኸመ

ብብርኩ የስተንፍስ ምስ ኩሉ እማመ

ጋሽ ባርካ ክሳብ ጋሕተላይ እናዓዘመ

300 ካብ 100 ጥዕና ደኀመ

"ዕድለኛ" ኢሉ ኣኼባ ፈለመ

ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ !

ኣማኑኤል ተስፋማርያም

ካቢነ ምኒስተራት፡ ኣስመራ

ሚያዝያ 2012

" ትንሳኤ ሙታን "

ካብ ንጉሆ ጀሚርኩም ከለኹም መሳቱ
ዘመን ፍጥረት ሃገር ቅድሚ ምምስራቱ
ከም ዘይነበርኩሞ ደቀ መዛሙርቱ
ብካልእ ክትፈርዱ ተምህሩ ስብከቱ
ኣብ ናቱ ምስ በጽሐ ሎሚ ኣብ ምሽቱ
ገበን ብልሽውና ብጥበብ መክቱ
ሓጥያትኩም ሽፍኑ ንከይትጥመቱ
ብስም መሪሕነት ወገንኩም ኣጽንቱ

ብሓደ በሊእኩም ብሓደ ሰቲኹም
ኣብቲ ሓሙስ ጽግቦ ከምዘይተደረርኩም
ጲላጦስ ክትኮኑ ክትነጽሁ ካብ ደሙ
ንስልጣን ንዶላር ክትሰብርዎ ዓጽሙ
ከሓድቲ "ይሁዳ" ብኢድኩም ጠቂሙ
ሓቂ ክተምስሉ ንጹሃን ለክሙ

ስለዝመከተ ዝሃበ ህይወቱ
ሓቂ ብምሓዙ ከሽንፍ ጸላእቱ
ብዙሕ ተጣበብኩም ፈተነ ክኣቱ
በደለኛ ጌርኩም ክፈስስ ሓሞቱ
ናብ ዓርቢ ዘውግሐ ክትርእዩ ስቕለቱ
ሽንኪርኩሞ መስቀል ኣምሲልኩም ጥፍኣቱ
ግን ኣበይ ይበጽሕ ግብርኹም ሕሶቱ
ዝነበረ ጸልማት ቀንጢጡ ብለይቱ
ብቀዳም ስዒሩ ጽባሕ ንሰንበቱ
ሰረቐ ናብ ብርሃን ናብ ህዝቡ እምነቱ

"ትንሳኤ ሙታን"ዩ ዘይተርፍ ብኸንቱ
ትሕቲ ፈጣሪና ኣብ ምድሪ ዘፍቱ
ቅዱስ ዘብለካ ኣብ ሰማይ ዘእቱ
ኣብ መሬት ኤርትራ ንዋርሳይ ዘመንቱ

ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ !
ኣማኑኤል ተስፋማርያም
ካብ ታሪኽ ማህደር ጂ-15
2001